Tigrinya

# ውሁድ ደገፍ (IF)

ሓበሬታ ንወለዲ

## ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ክፍሊ

እዚ ውሁድ ደገፍ (IF) ማለት ንኹሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝርከቡ፡ ምትብባዕ ንዘድልዮም፡ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። እቲ መምህር ናይታ ክፍልን፡ ሓደ እዚ ውሁድ ደገፍ ዝህብ መምህርን፡ ምስ ፍሉይ ሞያዊ ክእለት፡ ብጥብቅ ዝበለ ኣገባብ ብሓባር ይሰርሑ። እቶም ቆልዑ፡ ኣብ ክፍሊ፡ ብሓባር ወይ ብውልቂ፡ ኣብዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቂሶም ዘለዎ ዓውድታት ሓገዝ ይረኽቡ፡-

- ናይ ምምሃር ጸገማት ንዘለዎም
- ፍሉይ ተውህቦ ንዘለዎም
- ናይ ባህርይ ጸገማት ምስ ዝህሉ

ጀርመን ከም ካልኣይ ቋንቋ - ከከም ገማይንደኡ - ብመሰረት ትሕዝቶ ናይ`ዚ ውሁድ ደገፍ፡ ወይ ብፍልይ ዝበለ ኣገባብ ይወሃብ።

እቶም መማህራን፡ ምስቶም ቆልዑን ወለድን ብምዝርራብ፡ ብመሰረት ስምምዕ፡ ኣወንታዊ ዝኾነ ስጉምቲ ብምውሳድ ይመርሑ። እቶም በዚ ውሁድ ደገፍ ሓገዝ ዝረኽቡ ቆልዑ፡ ናይ ትምህርቲ ዕላማታትን ውጥንን እንተ ኣማሊኦም፡ በቲ ስሩዕ ዝኾነ ናይ ነጥቢ ኣገባብ ይምዘኑ።

## ውልቃዊ ዕላማ ትምህርቲን ገምጋምን

እቶም ቆልዑን መንእሰያትን፡ በዚ ዝግበር ጽዑቕ ሓገዝ፡ ነቲ መለከዒ ናይ`ቲ ትምህርቲ ዕላማን ውጥንን፡ እንተድኣ ዘይኣማሊኦም፤ እዚ ``ውልቃዊ ዕላማ ትምህርቲ`` ዝብል፡ ምስቲ ናቶም ዓቕሚ ዝዛመድ ሓገዝ ይወሃቦም። እዚ ምሳኹምን ምስ ወለድን ክዝረበሉን፡ ከም`ኡውን ሓደ ስምምዕ ይግበር። እንተድኣ ኣድላይ ኮይኑ፡ ሓደ ናይ`ቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ሳይኮሎጂ መምህር ክዕደም ይከኣል እዩ። እንተድኣ ዘይምርድዳእ ኣጋጢሙ፡ እቲ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ውሳነ ይህብ።

እቲ ናይ ትምህርቲ ዕላማ ክጎድል ከሎ፡ እቶም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብዚ ዓውዲ ትምህርቲ፡ እብ ክንዲ ነጥቢ፡ ጸብጻብ ናይ ትምህርቲ ይወሃቡ። ኣብ ልዕሊ እቲ ምስክር ወረቀት ኣብዚ ዓውዲ ``ተሳቲፉ`` ዝብል ይጸሓፈሉ። ኣብቲ ናይ ምምሕዳር መዝገብ ድማ ``ውሁድ ደገፍ፤ ውልቃዊ ዕላማ ትምህርቲ`` ዝብል ኣለዎ። እቶም ፍሉይ ተውህቦን፡ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ዕላማታት ዘሎዎምን ቆልዑ፡ ምስ`ቲ ስሩዕ ነጥቢ፡ ካልእ ናይ ትምህርቲ ጸብጻብ ይወሃቦም።

## ወለድን ቤት ትምህርትን፡ ብሓባር ሓላፍነት ይሸከሙ

- ኣረኣእያ ወለዲ፡ ናይ`ዚ ኣወንታዊ ዝኾነ መደባት ቀንዲ መሰረት እዩ።
- ወለዲ፡ ናይዞም ዝትግበሩ መደባት ሓላፍነት ይሸከሙን፡ ምስቲ ቤት ትምህርቲ`ውን ይተሓጋገዙን።
- ናይ ገምጋምን ቦታን ዝርርብ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ይሳተፉ። እዚ ዝርርብ፡ ውልቃዊ ዕላማ ትምህርቲ፡ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ይካየድ።
- እንተድኣ ንውላድኩም፡ ከምዚ ዓይነት መደብ ኣድላይ ኮይኑ፡ ብቀጥታ ምስቲ ቤት ትምህርቲ ውልቃዊ ዕላማ ትምህርቲ፡ ቆጸራ ክትገብሩ ትኽእሉ እኹም።
- እንተድኣ ዝኾነ ዘይምስምማዕ ኣጋጢሙ፡ ናብቲ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ናይ ምምልካት መሰል ኣለኩም።

## ሓበሬታ መን ይህበና፤

- ብመጀመርታ ዝርከብ ወይ ሓበሬታ ዝህበና ሰብ፡ እታ መምህር ወይ እቲ መምህር ናይታ ክፍሊ እዩ።
- እንተድኣ፡ ብዛዕባ ምምሃርን ባህርይን ዝምልከት ሕቶታት ኣልይኩም፡ ነቲ መምህር ናይ ውሁድ ደገፍ ብቀጥታ ክትረኽብዎ ትክእሉ።
- እንተድኣ፡ ወለድን መማህራንን ዘይተረዳዲኦም፡ እቲ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ስለዘለዎ ንዕኡ ክትሓቱ ትኽእሉ።

ነሓሰ 2015